## ዋዛ ምስ ቁምነገር

# መንገደኛን ኣሳእኑን - ተረት

ከምዚ ሎሚ ኸይኮነ፡ እቲ ቐደም-ቐደም፡ ሰባት ንመገሻ ብእግሮም፣ ኣለዎም እንተ ተባህለ ድማ ብበቕሊ እዩም ዚገሹ ነይሮም። እቲ ሳእኒ'ውን ኩሉ ኣይኮነን ዚረኽቦ ነይሩ። ደሓር ከኣ ኣሽንኳይዶ ኣውቶቡስሲ መኪና ኽትኣትዎ እትኽእል ዓድታት'ውን ኣዝዩ ሒደት እዩ ነይሩ።

ይብሃል ሓደ ጎበዝ ናብ ርሕቕ ዚበለ ዓዲ ዚገይሽ ዚነበረ መንገድኛ፡ ምእንተ ኺሰልጦ ነቲ ኣሳእኑ ኣውጺኡ፡ ኣብቲ በትሩ ኣእትዩ፡ ኣብ መንኩቡ ተሸከሞ። እቲ ኣስእኑ ብድሕሪኡ ጠልጠል እናበለ ድማ መገዱ ቐጸለ። ኣብ ጥቕኡ ምስ በጽሑ፡ "ደሓንዶ ውዒልኩም?" ኢሉ ዚሓለፎም ከምኡ ገያሾ ጥቕኡ ቅድሚ ምብጽሖም፡ "ረኣይዎሞ፡ እዚ ሰብኣይሲ ነቲ ጽቡቕ ነጸልኡ በቲ ዶራን ኣሳእኑ ኺበላሾስ ኣሳእኑ ኣብ መንኩቡ ተሰኪሙ ይኸይድ?" ኪብሉ ጸኒሖም፡ "ነቲ ኣሳእንካስ ብቕድሜኻ እንተ ሓዝካዮዶ ኣይምሐሸካን?" በሎ ሓደ ኻብኣቶም፤ እቶም ካልኦት ድማ ሰሓቑ።

ጽኒሕ ኢሉ ድማ ከምኡ ካልኦት ሰባት፡ "ደሓንዶ ውዒልኩም? ደሓንዶ ውዒልካ?" ተባሃሂሎም ምስ ሓለፉ፡ "ኣሳእኑ ሓቝፉ ድኸይድ ከመይ ደለ ዓሻ እዩ?" ኢሎም ክርትም ኢሎም ኺስሕቁ ሰምዖም። ደሓር ካብቲ በትሪ ኣውጺኡ ኣብ ኢዱ ሒዞ ኣንጠልጢልዎ መገዱ ቀጸለ።

ሓያለ ምስ ከደ ድማ ብድሕርኡ ድመጹ ዚነበሩ ኸምኡ፡ ኣብቲ ጥቕኡ ምስ በጽሑ ርእይ ኣቢሎም፡ "ኣብቲ በትሩ ኣእቲዩ ኸይጸሮስ፡ እቲ በትሪ ኣብ መንኩቡ፡ ሳእኑ ኣብ ኢዱ ኣንጠልጢሉ ይኸይድ። ረሲዕዎ እዩ'ምበር እንተ ዚዝክሮስ ኣብቲ በትሩ መእተዎ" በሉ። ገሊኦም ድማ፡ "ካብቲ በትሩ መሊቑ ኸይወድቕ እሞ፡ ኸይጠፍኦ ፈሪሁ እዩ ኣንጠልጢልዎ ዚድኸይድ ዘሎ በሉ"።

ደሓርሲ ነቲ በትሩ'ውን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ መንኩቡስ ከምቲ ሳእኑ ኣብ ኢዱ ሒዞዎ መገዱ ቐጸለ። ሕልፍ ምስ በለ ድማ ኻልኦት ሰባት፡ "ኣንታ እንታይ ስጊንጢሩ ኢና ንርኢ ዘሎና! ኣብ ክንዲ እቲ ሳእኒ ንእኡስ ንሱ ነቲ ሳእኒ ጸይሩዎ ይኸይድ? እንታይ ኽገብር ድኣ ሒዝዎ ተበጊሱ? ወይ ጋዶ!" በሉ። ስምዕ ኣቢሉ ነዘን ኣሳእኑ ወድዩ መገዱ ቐጸለ።

ነዊሕ ምስ ከደ ድማ ጥላም ናይ'ታ ሓንቲ ሳእኑ ተበቲኻ ኬዐሪ ኣላጊሱ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ኦም ኮፍ በለ። ብድሕሪኡ ዚኸዱ ዚነበሩ፡ ርእይ ኣቢሎም ድማ፡ "ወይ ደቂ ሎሚ! ጠላዕ ጎበዝ፡ እሾኽን ኳኺቶን ዓማጢሩን ረጋጊጹን ድኣ ምኸደ'ምበር ምስ ኣሳእንዶ ምተቓለሰ?" በሉ።

ደጊም ትሩፍ! ኣቦታትና፡ "ዘረባ ኣዳም ሓመደ-ግዳም" ዚበልዎ ብሓቂ ሓቆም እዮም፡ ኢሉ፡ ንኹሉ ጸማም እዝኒ ሂቡ፡ መገዱ ቐጸለ።

**እቲ ነጥቢ፡** እቲ ንዅሉ ኼሐጕስ ዚደሊ፡ ነቕፍፍቲ የብዝሕ፡ ነቲ ንዕኡ ዜሕጉሶ ድማ ይስሕቶ። ንዅሉ ሰብ ኼሐጕስ ድሌት እምበር ክእለት ዘለዎ ሰብ ብፍጹም የልቦን፣ ኺህሉ ድማ ኣይክእልን እዩ። ንምንታይሲ፡ ኩሉ ሰብ ነናቱ ርእይቶ ዘለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ፡ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ዚተፈልየ፡ ናይ ርእሱ ሰብ እዩ።

እዚ መንገደኛ፡ ኸኣ መመኪሒ ዚገብሮ፡ ዚፈርዶ፡ ዚስሕቆን ዚሕጭጨሉን እምበር፡ ብሓልዮት ተገዲሱ ብዛዕባ እቲ እሳእኑ ዚተዛረቦ ሓደ እኳ ኣይነበረን። ነፍሲ ወከፍ ርእይቶ ካብ፡ "ኣነ እፈልጥ" ዓይነት መኸሓ፡ ዘይነቐለ ነይሩ እንተ ዚኸውን፡ ነፍሲ ወከፍ መንገድኛ፡ ሓደ፡ ኣብ ዘዘምጽኦ መተኰረ፡ ካልኣይ፡ እቲ ዚብሎ ዚነበረ ኣድላይነት ከም ዘይነበሮ መስተብሃለ።

እሞ። ካብዚ ታሪኽ ናይ እዚ መንገድኛን መንገደኛታትንሲ እንምሃሮ ነጥብስ ገለዶ ኣሎ?

ምኽሪ ብልግሲ፡ ነቕፌታ ብጸጋ፤ እቲ ይሰርጽ እቲ ይሃንጽ። (S.T.)